# ካብ ቫሪሰላ ንነብስኻ ምክልኻል

## ክታበት ቫሪሰላ



### እዚ ክታበት ካብ ምንታይ ይከላኸል:

እዚ ክታበት ካብ ቫሪሰላ(ፍርማይ) ዝከላኸለልካ ኮይኑ: ንሓደጋ ምምዕባል ሸንግልስ ከጕድሎ የክእል። ቫሪሰላ ቫይረስ ኮይኑ ከም ረስኒን ሳሓ ዘለዎ ንኣሸቱ ማይ ዝመልኡ ፍርማይ ዘማዕብል እዩ። እዚ ቫይረስ ብቀሊሉ ብኣየር ዝመሓላለፍ ኮይኑ ብሰዓል: ብምህንጣስ ወይ ድማ ነቲ ክፉት ፍርማይ ብምትንካፍ ናብ ካልኦት ሰባት ክዝርጋሕ ይክእል። ሓደ ሰብ ብቫሪሰላ ምስ ተጠቕዐ: እቲ ቫይረስ ኣብ ኣካላትካ ይጸንሕ እሞ ምስ ግዜ ንጡፍ ክኸውን ይኽእል: እዚ ድማ ሸንግልስ (ቃንዛ ዘለዎ ቁጥዐ ቆርበት) ከስዕብ ይኽእል።



### እዚ ክታበት ንመን ክወሃብ ኣለዎ:

- ዕድሚኦም 12 ኣዋርሕን ልዕሊኡን ዝኾኑ ህጻናት: ንሕማም : ንፍዮ:ማምፕስ: ሩቤላን ቫሪሰላን (MMR-Var) ዝተዋሃሃደ ክታበት ዘይወስዱ።
- ካብ 6-11 ወርሒ ዝዕድሚኦም ዕሸላት ክፉል ኣካላቶም መተካእታ ክገብሩ ዝሓስቡ
- ኣብ 1 ነሓሰ 2012ን ድሕሪኡን ዝተወልዱ ህጻናት: ክታበት ቫሪሰላ ዘይወሰዱ (ዋላ'ውን ቫሪሰላ እንተሃለዎም) ።

### እዚ ክታበት ንመን ክወሃብ የብሉን:

ሓደ ሰብ ንገለ ክፋል ናይቲ ክታበት ኣለርጂ ምስዝከዉን ወይ ድማ ድሕሪ እዚ ክታበት ወይ ገለ ክፋሉ ምስወሰደ ከቢድ/ዘይልሙድ ጎናዊ ሳዕቤናት ገርሉ ዝፈልጥ እንተኮይኑ ነዚ ክታበት ክወስዶ ኣይግባእን: ወይ ድማ ዝተዳከመ ስርዓተ ምክልኻል ኣካላት ምስዝህልዎ: ኣብ ዝሓለፈ 11 ኣዋርሕ ደም ተተኪኢዎ ምስዝነብር: ከምኡ ድማ ኣብ ዝሓለፈ 3 ኣዋርሕ ካልእ ህያው ዝኮነ ክታበት ዝወሰደ ሰብ ምስዝከውን ወይ ድማ ነፍሰጾር ምስትከዉን ነዚ ክታበት ክወስድ ኣይክእልን እዩ።

ይኹን እምበር ኣብ ኣልበርታ መብዛሕትኦም ሰባት ነዚ ክታበት ኣብ ኣልበርታ ብቑዓት እዮም።



### እዚ ክታበት እንታይ ጎናዊ ሳዕቤናት ኣለዎ:

እቲ ጎናዊ ሳዕቤናት ኣዝዩ ቀሊልን ግዝያውን እዩ፣ ምናልባት ድሕሪ ክታበት ምውሳድካ ክሳብ 6 ሰሙን ዘሎ ክረአ ይኽእል። ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ቦታ ረስኒ:ምቕያሕ:ሕበጥ:ቃንዛ: ብኽያት: ድኻም: ቁጥዐ: ሰዓል: ቫሪሰላ ዝመስል ቁጥዐ ቆርበት (ማይ ዝመዓገ ቁጥዐ ቆርበት ዝመስል ወይ ማይ ዝመዓገ ዘይብሉ ቁጥዐ ) ከጠቓልሉ ይኽእሉ። ቫሪሰላ ዝመስል ቁጥዐ ቆርበት ምልክታት ምስ ዘጋጢሙካ: ብዝተካእለ ሸፈኖ። ከምኡ እንተዘይተኻኢሉን: ምስ ነፍሰጾራት: ሓደስቲ ዝተወልዱ ህጻናት: ከምኡ'ውን ምስ ዝተዳከመ ስርዓተ ምክልኻል ኣካላት ዘለዎም ሰባት ኣብ ጥቅኦም ኣይትረብ። ልዕሊ 50 ዝኮኑ ምልክታት ምስተማዕብል ብቑልጡፍ ናብ ሄልዝ ሊንክ ብ 811 ደውሉ። ። ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ቦታ ዝሑልን ጽሩይን ጨርቂ ብምቕማጥ ወይ ድማ ከም ኢቡፕሮፌን ወይ ኣሰታሚኖፌን ዝኣመሰሉ መድሃኒታት ብምውሳድ ንረስኒ ወይ ቃንዛ ክተጕድሎ ትኽእል።

**ዝኾነ ተወሳኺ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ወይ ብዛዕባ ክታበትኩም መደብ ክትገብሩ ምስ እትደልዩ: ክትገብሩ እትኽእሉ:**

- ናብ ሄልዝ ሊንክ (Health Link) 811 ደውሉ:
- ናብ መስመር ቴሌፎን AIMGA's Multilingual Health Hub for Newcomers 1-587-392-8062 ደዉሉ:
- ናብ ሓኪም ስድራቤትኩም ወይ ናብ ፕራይሜሪ ኬር ኔትወርክ(primary care network)ተወከሱ:
- ናብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝወሃቦ ዝሕብሩ ሞያውያን ሓገዝ ንምርካብ ኣብዚ ሊንክ ብምጥዋቅ booking.aimga.ca ቆጸራ ሓዙ

AIMGA
Alberta International Medical Graduate Association
19 TO ZERO
UNITED AGAINST COVID-19
Financial contribution:
Public Health Agency of Canada
Agence de la santé publique du Canada
ACTION 4 HUMANITY DEVELOPMENT FOUNDATION
CREATING BRIGHTER FUTURE